Communauté Erythréenne de France

Banque : Société Générale

Numéro de Compte : 00050329069 Clé : 46

IBAN : FR76 3000 3033 1000 0503 2906 946

Above is our bank information with modification

# ኤርትራዊ መኸተ ኣንጻር ለበዳ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19)

# ኣብ ሃ/ፈረንሳ

ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዘየላቡ ዓለማዊ ዝርግሐ ዘሎዎ፡ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ናህሪ እናተላብዐ፡ ህይወት ኣሽሓት ሰባት ዝቐዝፍ ዘሎ ኣስጋኢ ለበዳዩ። እዚ ዛጊት መድሃኒት ዘይተርኸቦ ሕማም'ዚ፡ ብዘይካ ቲ ዘስዕቦ ሕማምን መቕዘፍትን፡ ቍጠባውን ንግዳውን ንጥፈታት ብምዕጋት ዓለማዊ ቍጠባዊ ቅልውላው የስዕብ ኣሎ። ኣብ ስደት እንነብር ኤርትራውያን፡ ነቲ ኣብ ከባቢና ዝወሃበና ንድሕነትና ዝምልከት መምርሒታትን ለበዋታትን ብምኽታል ጥዕናን ጥዕና ስድራ ቤትናን ምሕላው ይግበኣና።

ኮሮና ቫይረስ ዶብ ስለ ዘይዓግቶ፡ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ዝርከባ ሃገራት ከንጸላሉ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ሃገርና እውን ኣትዩ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ወሪዱ ዘሎ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝተዘርግሐ ለበዳ ንምክልኻል፡ ክሕግዙ ዝኽእሉ ምድላዋት ብምግባርን ቀዳምነት ብምሃብን፡ ነዚ ቐዛፊ ሕማም ዝከታተል ሓይሊ ዕማም ኣቚሙ ብዓቕሙ መሳርሒታትን ናውቲ ሕክምናን ብምድላው ድሕነት ህዝብን ሃገርን ንምውሓስ ብርቱዕ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ይርከብ።

ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣስጋኢ እዋን፡ ኤርትራዊ ነባሪ ፈረንሳ፡ ናይ ገዛእ ርእሱን ስድራ ቤቱን ሻቕሎት ኣወንዚፉ፡ ብዛዕባ ህዝቡን ሃገሩን ክሓስብን ክሓልን፡ ካብኡ ሰጊሩ'ውን ንምሕጋዝ ተበግሶታት ክወስድ ድሉው ምዃኑ ምግላጹን፡ ዘሐብንን ንንኡድ ኤርትራዊ ባህልናን ልምድናን ዝገልጽ'ዩ።

ነቲ ዝተፈላለየ ብድሆታትን ውዲታትን ሰጊሩ፡ ብመወዳድርቲ ዘይርከቦ ጽንዓትን መስዋእትን፡ ሰላም ኣስፊኑ ኣብ ሓድሽ ትስፉው መድረኽ ዘሰጋገረና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ኣብ ምምካት እዚ ቐዛፊ ሕማም ዝሕግዝን ነቲ ተታሒዙ ዘሎ መደባት ምክልኻል ኮሮና ቫይረስ ዘደልድልን ናውቲ ሕክምናን ካልእ ምስኡ ዝኸይድ ወጻኢታትን ዝውዕል ገንዘባዊ ወፈያ ብምግባር እጃምና ምብርካት፡ ታሪኻውን ዜግነታውን ሓላፍነትና እዩ።

ኲሉ ኤርትራዊ ብኒሕን ንቕሓትን ክብደት ናይ'ዚ ብድሆዚ ተገንዚቡ፡ ብሰናይ ድሌቱን ዓቕሙን ንኽሳተፍን ከበርክትን ሕድሪ ይቐርበሉ ኣሎ።

እቲ ወፈያ ብነዚ መዓላ'ዚ ዝተመደበ ሕሳብ ባንክ (Bank Account) ወይ ብቸክ ምልኣኽ ይከኣል።

ሕሳብ ባንክ :

| | |
|---|---|
| Titulaire compte : | Communauté Erythréenne de France |
| Banque : | Société Générale |
| Numéro de compte : | 00050329069 - Clé : 46 |
| IBAN : | FR76 3000 3033 1000 0503 2906 946 |

ብቸክ ድማ ኣብ ፖስጣ (ሰታሪት) ብምእታው፡ ብኣድራሻ ኤምባሲ AMBASSADE DE L'ERYTHREE 1 RUE DE STAEL 75015 PARIS ምልኣኽ ይከኣል። ተቐባሊ ንምንጻር (ኣብቲ ቸክ à l'ordre de la Communaute Erythreenne de France) ምጽሓፍ የድሊ። ነፍስ ወከፍ ብባንክ ኮነ ብቸክ ዝኸፈለ ዜጋ፡ ቅብሊት ክወሃቦ ምኻኑ'ውን ንሕብር።

ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ግዜ ዘይህብ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ወፈያ'ዚ ክሳዕ ዕለት 30/04/2020 ተተግቢሩ፡ ዝተዋህለለ ገንዘብ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክበጽሕ የድሊ።

እዚ ሰናይ ተበግሶ'ዚ ሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ሃልይዎ ምእንቲ ክዕወት፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ተሳትፎን ተወፋይነት ዝሓትት እዩ። ንምዕዋቱ ድማ ሃየ ንተዓጠቕ !

ጥዕና ህዝብናን ድሕነት ሃግርናን ልዕሊ ኹሉ

ንለበዳ ኮሮና ቫይረስ ብሓባር ክንምክቶ ኢና !

ማሕበረ ሰብ ኤርትራውያን ኣብ ፈረንሳ

ንዝያዳ ሓበሬታን መብርህን ነዞም ዝስዕቡ ሰባት ምውካስ ይከኣል።

| | |
|---|---|
| Ghenet Hailemichael | 0627291512 |
| Fessehaye Mehreteab | 0615180691 |
| Sarah Mehary | 0650876777 |